

# ብዓል ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ
# ኣብ ከተማ ከለን ብዓወት ተዛዚሙ



ብዕለት 04.09.10 መበል 49 ዓመት  ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንምዝካር ኣብ ከተማ ከለን ብህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን ጉጅለ ከለን፡ ተዳልዩ "ብስራሕ ንምክት ንግስግስ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ጭርሖ ምዉቕን ሃገራዊ ሓድነት ዝመልኦን ዕዉት በዓል ተኻይዱ።

ኣካየድቲ ኣካል ህ.ግ.ደ.ፍ. ንኣኽበርቲ ጽንብል ባሕቲ መስከረም ፡ ናይ እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም መልእኽቲ ድሕሪ ምቕራቦም  ፡ መደብ በዓል ብናይ ሕጻናትን መንእሰያትን ተመሃሮ ማሕበረኮም ከለንን ከባቢኣን  ሃገራዊ  መዝሙር ፡ ዝተሰነየ ዝክረ ሰማእታት  ተጀመረ ። ቀጺሉ ካብ ቆንስላዊት ቤት/ጽ ኣብ ፍራንክፎርት ኣቶ ዮውሃንስ ደባስ መግለጺ ሓደ መስከረምን ናይ ዮሃና መልእኽቲን ብሽም ኣምባሳደር ኤርትራ  ኣብ ሃ/ጀርመን ኣቶ ጴጥሮስ ጸጋይ ፡ ድሕሪ ምቕራቡ ናብቲ ቀጻሊ መደብ ብምሕላፍ፡ ብወከልቲ፡ ማሕበረኮም ከለንን ከባቢኣን ፡ ሃገራዊት ማሕበር ደቀ ኣንስትዮ ኤርትራ ከለን ፡ መንእሰያት ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን ከለን ብብተራ ናይ ደገፍ መልእቲ ቀረበ። ካብኡ ንድሓር፡ ተሳተፍቲ በዓል በቲ ዝካየድ ዝነበረ ናይ እኽለማይ ሎተሪን መደባትን ፡ ብውሩይን  ወናምን ድምጻዊ ሃብቶም መሓሪ (ካብ ሆላንድ) ዝተሰነየ ድሙቕ ሰውራዊ ተዘክሮ ዝሓዘለ ዜማታትን ባህላዊን ዘመናዊን ሙዚቃን ምዝንጋዕ ቀጸሉ። በዚ ኣጋጣሚዚ እውን ንጉዳይ ህዝባዊ መኸተ "እምቢ ንእገዳ" ዝምልከት ሓበሬታ ተዋህበ።

ኣባላት ህ.ግ.ደ.ፍ. ጉጅለ ከለን፣ ሃ.ማ.ዴ.ኤ. ን/ጨ/ከለን፣ ማሕበረ ኮም ከለንን ከባቢኣን ፣ መንእሰያት ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን ከለንን ናይ ሕጻናትን ወለድን ማሕበራትን  ብጥርናፌን ተወፋይነትን ተገዳስነትን ብምውሳእን፡ መደብ ጽንብል  ባሕቲ መስከረም ፡ ብዕዉትን ምውቕን መንፈስ ተዛዚሙ።

ዘለኣለማዊ ዝኽርን ሞጎስን ንሰውኣትና
ዓወት ንሓፋሽ

ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን ከለን